# ንብዓት ሓርገፅ ርሙሳት ተጋሩ

## ደጃት ካሳ

A Response to

ETHIOPIA: The Tyrant Defying the Will of the People

The Issue of an all-Ethiopian Resistant Forum

By Kahsai Berhe

ሓደ "ወዲ ደሱ" ዝብሉ ሰብኣይ ምእ ካልእ ሰብኣይ እምባጓሮ ይጅምሩ። እቶም ሓደ ሰብኣይ ድማ ኣያም ክብሉ ይምሕፀንዎም። ወዲ ደሱ ምሕፅንታ ስለዘይተቐበሉ ግብግብ ይጅመር። ሰብኣይ ድማ ጅግና ስለዝነበሩ ንወዲ ደሱ ኣውዲቖም ይትንፋዎም። ወዲ ደሱ ስዕረት ዘይኾበሉ ግብዝ ነበሩ'ሞ ብታሕቲ ኾይኖም "ክላንታ! ኣነ ወዲ ደሱ! ኣነ ወዲ ደሱ! ክላ!" እናበሉ ፈከሩ። እቶም ጅግና ስብኣይ ድማ፤

ዓዲ ደሱ መሱ፣ ዓዲ ደሱ መሱ፤
ዝሃደመት ምራኽ ዘይመልሱ፤
ብዝሓዙዎ በትሪ ዝልወሱ።

እናበሉ ማይ ዶ ፀባ ኣቦሉዎም።

ሓሶት ኣብ ፖለቲካዊ ዲስኩር ኢትዮጵያ ቀንዲ መቃለሲ ኮይኑ ይዘልቕ ኣሎ። ንገዛእ ርእሶም ኣብ ፖለቲካ ሓሶት ዘጥሐሉ ሓውሲ ፖለቲከኞታት ሃገርና መበገሲኡ፣ መገዱን መወዳእትኡን ብሓሶት ዝተላዕጠጠ ፖለቲካ ስድሪ ዘየኽይድ ምኳኑ ካብ ታሪኽ ክመሃሩ ዘይምኽኣሎም ዘደምም'ዩ። ሕሶት ከም ሓደ ባህሪ ወዲሰብ ክኢላዊ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ሕሶት ኣብቲ ሓሳዊ ዘስዕቦ ባህሪያዊ ለውጢ እንታይ ከምዝመስል እንተዝሕብሩለይ ኣዝዬ መመስገንኩዎም።

ደቂ ሰባት ካብ ባህሎም ይኹን ተምሂሮም ዝረኸቡዎም ፍልጠታት ኣብ ስነሂወታዊ፣ ፊዚካላዊ፣ ስነምሕዳራዊን ማሕበራዊን ከባቢ ንምንባርን ዘርኦም ንምትካልን ይጥቀሙሉ። ዘመዛዝን ሰብ ንህላወኡ ኣብ ሓደጋ ናብ ዘውድቑ ተግባራት ዝኣቱ እንተሰክርን ብኣደንዘዝቲ እፃት ናብ ሕልሚ እንትኣቱን እዩ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝኣቱ ሰብ ንህላወኡ ኣብ ሓደጋ ዘቃልዕ ስራሕ ንምስራሕ ፍርሒ ኣይረኣዮን። ዘገርም ነገር ግና ሰባት ሓሶትን ጥልመትን እንተጀሚሮም ከምስኹርን ድንዙዝን ንህላወኦምን ህላወ ወገኖምን ኣብ ሓደጋ ኣብ ዘእቱ ግብሪ ዝኣትዉሉ ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነ እዩ።

ኢትዮጵያ ካብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ፀገማት እትናገፈሉ ቅድመኹነት፥ ጉዳይ ኢትዮጵያ ይምልከተና እዩ ዝብሉ ወገናት ኩሎም ምሕሳው ክገድፉን፤ ሕሶት ይቕረ ዘይበሃሎ ወንጀል ስለዝኾነ ንሕልነኦም ክወቕሱን ኣለዎም። ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ ዝተገብረ፣ ዝግበር ዘሎን ኣብ መፃኢ ድማ ምግባሩ ዘይተርፍን ታሪኽ ከምዘይተገብረ፣ ከምዘይግበር ዘሎን ንመፃኢውን ከምዘይግበርን እናተሓሰወ ሃገራዊ ፋይዳ ዘለዎ ፖለቲካዊ ግብሪ ምስራሕ ኣበደን እዩ።

እዚ ከም መእተዊ ካብ በልኩ ካሕሳይ በርሀ ዝበሃል ውለቀሰብ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ኣብ ናዝሬት ዶት ኮም ዝፀሓፎ ዓዘር ቆዘር ክምክት። ኣይተ መለስ ዜናዊ ሓደ እዋን ዘይትፈትዎ ሰብ ከመይ ዝዓይነቱ እዩ ተባሂሉ ንዝቐረበሉ ሕቶ “ዕላማ ዘይብሉ ሰብ” እንትብል መሊሱ ነይሩ። ዕላማ መበገሲ፣ መገዲን መዕለቢን ዘለዎን ሓደ ነገር ክንረክብ፣ ክንገብር ወይ ክነምፅእ እንጥቀመሉ ሽኻል እዩ። መበገሲታት፣ መገዲታትን መዕለቢታትን ሓደ ዕላማ ድማ ዝርኣዩ፣ ዝድህሰሱን ዝልክዑን እዮም። ኣብ ኣተሓሳስባና ዝልዕጠጡ፣ ካብ ፍርሒ፥ ስዕረት፥ ዕንቅፅና፥ ምንቅይነት፥ ፀይቂ ዝበገሱ ኣይኮኑን። ካሕሳይ በርሀን ብሽም ተጋሩን ትግራይን ዝሸቅጡ ጓሓሎ ንኣይተ መለስ ዜናዊ ብውልቀ ካብ ምፅላእ ዝብገሱ ይመስሉ። ንኣይተ መለስ ዝኹንኑሎምን ዝፀልኡሎምን መበገሲታት ኩሎም ካብ ሓሶት ዝነቐሉ እዮም። ገሊኦም ድማ ጩገረት ኣይተ መለስ ደስ ስለዘይብሎም ዝፀልኡዎ ይመስሉ። ከምኒ ኣብርሃ በላይ ኣባዲ ዝበሉ ድማ “ህዝቢ ብዝኾነ ይኹን መገዲ መንግስቲ ከመስግንን ክድግፍን የብሉን” ካብ ዝብል ፅላለ ተበጊሶም እዮም ንኣይተ መለስን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝፀልኡ።

ኣብ ካልኦት ሃገራትን ባህሊታትን ንፉዕ ሰብ ንፉዕ ስለዝኾነ እንትሙስገን፣ እንትበራታትዕን እንትኽበርን ሃገርና ግና ፍልይ ዝበለ ዓቕሚን ክእለትን ዘለዎም ሰባት ናይ ኢዶም ዘይረኽቡላ ሃገር እያ። ካብዚኦም ኣይተ መለስ ዜናዊ ሓደ እዩ። ሓጥያት ኣይተ መለስ ዜናዊ እንታይ እዩ? ንፖለቲካዊ ሓርነት ትግራይን ኢትዮጵያን ክንቃለስ ኣሎና ኢሎም ካብ ንመይዳ ዝወረዱን ቃሎም እንተይዓፀፉ ዝዘልቁ ካብዘለዉ ደቂ ህዝቢ እቲ ሓደን፣ በሊሕ፥ ፈላጥ፥ ንፉዕን ተሪርን ብምኳኑ ድዩ?

ህዝቢ ትግራይ ንሓርነታዊ ቃልሱ በዓሰርተታት ኣሻሓት እንትኸፍል ፖለቲካዊ ዕላምኡን ሕልሙን ኣብቲ ዝግበኦ ክበፅሓሉ እምበር ነዚ ቓልሲ ኣብ ሽቱኡ ከብፅሑ ዘሰለፎም ገለገለ ሃዳሞ እንትሃድሙ “ሓዲገጀያ ሓዲገጆ” ኢሉ ክገድፎ ኣይበረን። ኣይተ መለስ ዜናዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢታት ኢትዮጵያን ከይፈሽል ካብ ዝዘለቑን ህዝቢ ኢትዮጵያ ፍረ ዓፅሚ፣ ደምን ረሃፅን ደቁ ክቋዳስ ሕዚውን ዝጋታገቱን ካብዘለዉ ደቂ ህዝቢ ሓደ እዩ። እዚ ንሓድሓደ መንቋለጠ ከምዘቕንእ እሙን እዩ። ሽም ኣይተ መለስ ከጥፍኡ ድማ ላሕ ይብሉ።

ኣብ 1982 ኣ.ም እኒ ኣብራሃም ላይኔ ዝፈፀሙዎ ጥልመት ቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክናዋሕን ተወሳኺ ክሳራ ክኽፈልን ዋላኳ ምኽንያት እንተኾኑ ነቲ ቃልሲ ጠጠው ከብሉ ኣይከኣሉን። በ1993 ኣ.ም ህዝቢ ትግራይ ገና ካብ ፀልማት እንተይ ወፀ፤ ዝምሕለሎም፣ ዘምኽሐሎምን ዝግዘተሎምን ዝነበሩን ከም ኣርሓታቱ ዝከናኸኖም ዝነበሩን ንበላዒ ሂበሞ እንትጠልሙ፣ ህወሓት ናይ ህዝቢ ምኳና ደኣ ኣርኣዮም እምበር ኣይተምበርከኸን። ህወሓት ፀገም እንትህልዋውን ከምፀገሙ ከፈትሖ ይፅዕርን ይፈትሖን እምበር ኣብ ህልውና ህወሓት ኣይጣላዕን። ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ንምፍልላይ ዝገበር ፈተነ ፈተነ ዓያሹ እዩ ክበሃል ዝከኣል። ሕመቕ ሕመቕ ስለዝኾነ እኒ ካሕሳይ በርሀ ኣብ መዳርግቲ ዘይብሉ ሕሶት ይሕምሱ ኣለዉ።

ህወሓት ታሪኻዊን ወደዓዊን ሓቂታት ኢትዮጵያ መሰረት ገይሩ ዝቃለስ ናይ ህዝቢ ውድብ እዩ። ህወሓት ዝቃለሰሉ መገዲ ድማ ፀገማት ሃገርና ንምፍታሕ ዘኽእል መማረፂ ዘይብሉ መገዲ እዩ። ኩሉ ዜጋ በዚ መገዲ እዚ ክኸይድ መሰሉ እዩ። መኻይዲ ፀሊእኻ ዘየለ መገዲ ኣይምረፅን። ዝምረፅ መገዲ የለን። ብእንግሊዘኛ ALL OR NONE ይበሃል።

ኣይተ ካሕሳይ፥ ኣብ ዓይጋ ፎረም “ውሸትን ፍሊጋ” ኣብ ዝብል ርእሲ ቅድሚ 100 ዓመት መንግስቲ ልጅ እያሱን ንግስተ ነገስት ጣይቱን ገልቢጥካ ንደጃት ተፈሪ መኮንን (ሃፀይ ሃይለስላሴ ቀዳማዊ) ንመሃብ

ዝተፅሓፈ ሓሶት እንተተንብብ ናትካ ሓሶታትን ኣብቲ ፅሑፍ እቲ ዘለዉ ሓሶታትን ዘሎ ተመሳሳሊነት መገረመካ ይመስለኒ።

ኢትዮጵያ ኣብ ሃገርና ጥቕሚ ዘለዎም ናይ ወፃኢ ሓይሊታትን መንግስታትን ብዝቐደድዎ መገዲን ብዝህብዎ ኣመራርሓን ብኹርኩሮም መለስ ዜናዊ ኣቢላ ትምራሕ ከምዘላ ክትነግረና ፈቲንካ። እዞም ሃገራትን ሓይሊታትን ክትዝርዝሮም ኣይከኣልካን። ሓሶት መሊእኻ እንትሕሶ ስለዘቃለአካ ድዩ? ሕንኳንይ መፀካ! ሕንኳንይ በልዐካ! ዝዓይነቱ ዘረባ ፖለቲካ ኣይኮነን። ቅድሚ ክልተ ሰሙን ብመንግስቲ ኢህወዴግ ተዳሊዩ ናብ ፓርላማ ዝቐረበ ትልሚ ሓሙሽተ ዓመት እንተተኸታቲልካ ጥቕሚ ሓይሊታት ወፃኢ ክነማልእ ኢና ዝብል ትልሚ ኣየቕረቡን። ኣብቲ ፓርላማ ዘለዉ ኣባላት ተናሓናሕቲ ፓርቲታት እውን ንናይ ወፃኢ ሓይልታት ክጠቅም ዝተዳለወ ትልሚ ኣለዎ ክብሉ ኣይሰማዕናን። ኣየነይቲ ዓዲ ብፖሊሲ ኢህወዴግ ከምዝተረብሐት እንተትነግረና ፅቡቕ ነይሩ።

ምናልባት ካብኣቶም ብፖሊሲታትና ትርባሕ ሃገር እያ እትብላ ሓንቲ ምስሪ መሲላትኒ። ኢትዮጵያ ካብ ሩባ ናይል ክትረኽቦ ዝግበኣ ጥቕሚ (ኣይንእስ ኣይዓቢ) ዝኸልክላ ዓቕማን ዓቕማን ጥራሕ ከምዝኾነ ብዙሕ ግዘ ዝተነገረካን ክትፈልጦ ዝግበአካን እዩ። ብወገነይ ክውስኸልካ ዝደሊ ሃገርና ዓቕማ ፀንቂቓ ከይትጥቀም እንቕፋት ካብ ዝኾኑዋ ነገራት ሓድሓደ ሓሰውቲ ደቃ እዮም። ኢትዮጵያ ክንዲ ዝደለየቶ ወታደራዊን ኢኮኖሚያዊን ኣቕሚ እንተትፈጥር ሓይሊ ስለዘለዋ ጥራሕ ሕጋዊነት፣ ሞራላዊነትን ሰብኣዊነትን ብዝጎደሎ ኣገባብ ህላወ ህዝቢታት ሱዳንን ግብፂን ኣብ ፈተና ኣይተእቱን። ግብፂን ኢትዮጵያን ኣብ እንካ ሃባ ዝዓይነቱ ፖለቲካ ዝኣትዋሉ ኣይኮነን። ብፍትሓዊነት ካብምጥቃም ካሊእ መማረፂ የብለንን። ኢትዮጵያ ካብ ቀላያታን ውሓዝታን ክትረኽቦ ዝግባእ ጥቕሚ ዘስእና መሕንኲል ሓሰውቲ እምበር ፖሊሲ ኢህወዴግ ኣይኮነን።

ዶነርስ ግሩፕ ዝበልካዮም ድማ ካብ ኢትዮጵያ ክረኽብዎ ዘተስፍይዎን ዝረኽቡዎ ዘለዉን ዕዳጋ እዩ። ነዞም ወገናት እዚኦም ሃገርና ሰፊሕ ዕዳጋን ናብ ኣፍሪቃ መእተዊትን እያ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዶነርስ ግሩፕ ኣብ ዊን ዊን ዝተመስረተ ርክብ እዩ ዝህልዎ። ሓዲኡ ዝልዓለ ፅልዋ የዕርፍ እንተኢልካ ድማ እቲ ዝዓበየ ፅዕንቶ ዝገብር መንግስቲ ሃገርና እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳያታ ብወፃእተኛታት ትውከል ኣላ እንትትብል እንታይ ማለተካ ኾን ይኸውን? ንሕና እናሃለና እንተኾይኑ ሓሰውቲን ጠለምቲን ሃገር ኣይውክሉን።

ህወሓት ሃገርና መውፅኢ ባሕሪ ኣስኢኑዋ ትብለና ሎኻ። ሽሕን ሚኢቲን ግዘ ዝሰማዕናዩ ብህራረ እዩ። ባሕሪ ዋንጫ ስዋ ከይኑ ንዓይ ዝተቐድሐ እዩ እትብሎ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ባሕሪ ዝህልዋ ኣብ ገማግም እቲ ባሕሪ ዝነብሩ ህዝቢታት ኢትዮጵያውያን ኢና እንተኢሎም ምስባሕሮም ይመፁ፣ ኢትዮጵያውን ባሕሪ ይህልዋ። ካብዚ ወፃኢ ዝግበር ነገር እንተሃለወ እውን ኣብ ሓቂን ሕጊን ሞራላዊ ተግባርን ኮይንካ እምበር ኣብ ሕሶት ኮይንካ ኣይኮነን። ንምኻኑ ስእነት ባሕሪ ዋይኣነ ዝበሃሎ ፀገም ከምዘይኮነ ገና ኣይተሰቆረካን? ሃፋትም ዓዲታት ቡናና ንሶም ብዝበሉና ዕዳጋ ከምንሸጠ ትፈልጥ'ዶ? ዓዳጊ ናይ ሸቐጥ ዋጋ ዝውሰነሉ ግዘ? ስቕ ኢልና እንሽጠሎም ንምንታይ ይመስለካ? ሓያላት እዮም። ሓሰውቲ ጠፊኦም፣ ኮሉ ዜጋ እንተዝባረብ ኣስታት 80 ሚልዮን ህዝብና ዝፈጥሮ ዓቕሚ ካብ ሞምባሳ ክሳብ ፖርት ሱዳን ዘለዉ ወደባት ንሕና ብዝወሰንናሎም ዋጋ ግልጋሎት ክህቡና ምገበርናዮም። ናይ ውሽጢ ፀገምና ክንፈትሕ ዘይምኽኣልና ካብ ትካቦ ክንናገፍ ኣይከኣልናን ኢልካ እንትተስቆንቁን፣ ንገዛእ ርእስኻ ፍልፍል ፀገም ከምዝኾንካ ዝተረደአካ ኣይትመስልን።

ኣብ ዝሓለፈ መረፃ መለስ ዜናዊ ተሳዒሩ ኢልካና። ቀዳማይ ነገር ኣብዛሓለፈ መረፃ ዝተወዳደሩን ተስዒሮም ስዒሮም እንብሎምን ተናሓናሕቲ ፓርቲታት እዮም። ኣይተ መለስ ድማ ህወሓት/ኢህወዴግ ወኪሉ ኣብ ዓድዋ ዝተወዳደረን ዝሰዓረን ሰብ እዩ። መለስ ተስዒሩ እንትትብል ንኢህወዴግ ብሓደሰብ ከምዝዝወር ንምምልካትን ኢህወዴግ ተሳዒሩን ትብል ከምዘሎኻ ፍሉጥ እዩ። ኢህወዴግ ኣበይ እዩ ተሳዒሩ? ኣበይ ከ ስዒሩ? ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስለዝተስዓረ ኣብ ኢትዮጵያ ተስዒሩ ኣየብሎን። ብዘይካ ንተትካ ሓይሊታት ትምክሕቲ ካለኦት ተነሓናሕቲ ፓርቲታት ኢህወዴግ ኣየሸነፈን ኣይበሉን። ሓሶት እንትደጋገም ሓቂ ይኸውን ካብ ዝብል ፈኸራ ግብዛት ዝጠንበወ ሓሶት ክትፅሕፍ ኣብ ፒሲ ተጐምቢሕኻ ሞይትካ!

ቅድም ክብል ኣብ ኢትዮሚድያ ኢህወዴግ ናይ ህዝቢ ፍርዲ ናይ ምቕባል ባህሪ ከምዘይብሉ ቅዲሚ መረፃ ከምዘኣመትካን (PREDICTON ምዃኑ እዩ)፤ ኣመተኻ ከምዝተግሃደን ሓቢርካልና። ግብዛት ኣመተኦም እንተይተግሃደ እንትተርፍ (ድሌቶም ስለዘይኮነ) ሓበሬታ ይቕይሩ (SEXING OF DATA) ወይ ዘይረኣየዎ ነገር ተራእዩ ይብሉ። ቅኑዓት ግና ኣመተኦም እንተዘይተግሂዱ ንምንታይ ከምዘይተግሃደ ናይ ቀፃሊ ምርምሮም መበገሲ መላምት (HYPOTHESIS) ይገብሩዎ። ኣብዚ ሕሶታዊ መበገሲዚ ተመርኲስካ ብዛዕባ መረፃ 97 ዝሃብካዮ ሕሶታዊ ገምጋም ንርአ።

The 2005 Election ዝብል ርእሲ ብፅሑፍ መበገሲ ጀሚርካዮ። መለፍያ! እሞ እምበኣር እቲ ቁልፊ ፀገም "ህዝቢ ዝሃቦ ፍርዲ ኣይንቕበልን፣ ብምርጫ ዝስኣንናዮ ስልጣን ብዓመፅ ክንረኽቦ ኢና" ኢልካ ናይ ህዝቢ ፍርዲ ንዘይምቕባል ዝግበር ዓበድበድ እዩ። መን ድዩ ናይ ህዝቢ ፍርዲ ኣይቅበልን ዝበለ? ኢህወዴግ? ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ማለት ህዝቢ ኢትዮጵያ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘሎ ህዝቢ ዝመሰሎ እንትመርፅ ካብ ኣዲስ ኣበባ ወፃኢ ዝነብርን ዝመሰሎ ዝመረፀን ህዝብ ብዛዕባ ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ዝበሎ የለን። ንህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ንውክል ዝበሉ ግና ናይ ካልኦት ህዝብታት መሰል እንትግህሱ ፍርዲ ህዝቢ ኣኽብሩ ኣይተብሃሉን።

ኢህወዴግ ስለዝተስዓረ ድማ ድሕሪ መረፃ ህዝቢ ብዘርኢን ዓሌትን ከገራፉ ተልዒሉ ኢልካና። መለስ እውን ኢህወዴግ እንተተሳዒሩ ኢትዮጵያ ከምሩዋንዳ ናብ ዝዓይነቱ ምትህልላቕ ክትኣቱ እያ ኢሉ ቀስቂሱ ኢልካና። ኣይተ መለስ ዝበሎ እብል ኣሎኹ እንትኢልካ ኣይተ መለስ ዝበሎ ብትኽክል በል። ብዛዕባ ናብ ናይ ሩዋንዳ ዝዓይነቱ ሓደጋ ምተኣተወዶ ኣይምትኣተወን ዝብል እንተርኢና ግና መልሱ እወንታ እዩ። ተርእዮታት ምንባሮምን ሐዚውን ምህላዎምን ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም ተርእዮታት ናብ ናይ ሩዋንዳ ዝዓይነቱ ምትህልላቕ ክወርዱ ዝኽእሉ ብምኽንያት ምሸናፍ ኢህወዴግ ኣይኮነን። እዚ ሓደጋ እዚ ከጋጥም ዝኽእል ንኢህወዴግ ስዒሩ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝሕዝ ፓርቲ ኣብ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝቢታትን ዝህልውዎ መትከላትን ዝወስዶም ስጉምቲታትን እዮም። ኣብቲ ሕገመንግስቲ ዝተዘርዘሩ መሰላት ዝዕቅብን ዘዕሙቕን ፓርቲ እንተኾይኑ ናብዚ ሓደጋ ኣይእቶን።

እቶም ተናሓናሕቲ እናበልካ ትመፃደቐሎም ዘሎኻ ብዝተፈላለዩ ናይ ህዝቢ መራኽብቲን ኣብ ኣኼባታትን ዝዛረቡዎምን ከምመቐስቀሲ ዝጥቀሙሎምን ዝነበሩን ናብ ምትህልላቕ ከሰጋግሩ ዝኽእሉን እዞም ዝስዕቡ ኔሮም።

1. ኣብ ትግራይ ተሰሪሖም ዘለዉ ትካላት ኣፍሪስና ናብዚ ክነምፅኦም ኢና።
2. ትግሬ ወደ መቀሌ፣ ንብረቱ ወደ ቀበሌ፣ ወያኔ ወደ ከርቸለ።
3. ወያኔ/ኢህኣዴግ ወደ መጣበት እንመልሷለን።
4. የትግራይ ሴቶች ሁሉ ወርቅ የሚያደርጉት ከኛ ዘረፈው ነው።

5. የኛ ትምህርት ቤቶች በጭቃ እየተሰሩ የትግራይ ትምህርት ቤቶች በድንጋይ ይሰራሉ።
6. ትግራይ ውስጥ ትምህርት እስከ 12 ስየተሰጠ እኛ'ጋ እስከ 10ኛ ተደረገ።
7. የትግራይ ተማሪዎች ሁሉ ኮምፒተር ኣላቸው።
8. በትግራይ ህዝብ ችጋር ወቅት ደጅ ጠንቼ ኣውቃለሁኝ።
9. ከኢህኣዴግ ደጋፊዎች ጋር እሳት እንዳትጫጫሩ፣ ለቅሶ እንዳትደራረሱ፣ እንዳትገበያዩ፣ ሰላምታ እንዳትለዋወጡ።
10. ትግሬ የፊቱን 11 ቁጥር በፕላስተር ኣስለጥፈን ነው የምናባርረው።
11. ትግሬዎች ኣገራቸው ሲገቡ እንደ ኤርትራዊያን እንኳ ባውቶቡስ ኣይሸኙም፤ በእግራቸው ነው የሚሄዱዋት።
12. በወላምኛ ልናገርልህ ትጠብቃለህ ወይ።

ዝብሉ ቅስቀሳታት እናተገበሩን ብቐሊሉ ክባርዑ ዝኽእሉ ዘመቻታት እንትግበሩ ናብ ምትህልላቕ ከይንኣቱ የፍርሕ ምባል ምፍርራሕ ኣይኮነን።

ማልታይ ኤትኒክ ፓርቲት እንትትብል እንታይ ማለትካ ኮን ይኸውን? AEDU፣ EDUP-Medhin፣ EDL፣ RDST ማልታይ ኤትኒክ እዮም ኢልካዮም? ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ። ኣብ ኢትዮጵያ ብሄረሰባዊ መንነት እቲ ዝዓበየ ፖለቲካዊ መበገሲ እዩ። እሞኸ ድኣ እዚ "ጥምረት" እዚ ብሄረሰባዊ ተሳትፎኡ ካብሓደ ብሄር ወፃኢ እንታይ ትርኢ ኣሎኻ? ወ/ሮ ብርቱኳን፣ ኣይተ በድሪ ኣደም፣ ዶ/ር ብርሃኑ ነጋ፣ ዶ/ር ያእቆብ፣ ዶ/ር ሃይሉ ኣርኣያ ኣብቲ ጥምረት ስለዘለዉ ህዝቢታት ኦሮሞ፣ ጉራጌ፣ ትግራይ ተወኪሎም ማለት ድዩ? ቅንጅት ብዙሓት ብሄረሰባት ዘሳተፈ ምኻኑ ክትሰብኽ ተኣኒንካ ሞይትካ? እቲ እትፅሕፎ ዘሎኻ ስብከት ዝብለፀ ዓቕሚ ምምዝዛን፣ ምትንታንን ምግንዛብን ዘለዎም ሰባት ከምዘንብበዎ ድዩ ትዝ ዘይበለካ ዋላስ ስኽራን? እወ ህወሓት ንሓይሊታት ትምክሕቲን ፀበብቲን ኢዱ ዘይዘርገሐን ዘይዝርግሕን፣ የግዳስ ዝነፅሕን ዝቐብርን እዩ። "ኣበያ ኣሎኻ ዘይበሉዎስ ኣብዚ ኣሎኹ በለ" ከምዝበሃል ብሽም ህዝቢ ትግራይ ዘሽቅጡ ጠላማት እውን መደበሲ እዩ ዝገብሮም።

ኣብ ፅሑፍካ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፀገም ዘሎካ ኣይትመስልን። እቲ ሕገመንግስቲ ብሰላማዊ መገዲ ዝቃለሱ ፓርቲታት ጥራሕ ዕድል ክውሃቦም የመልክት። እቶም ካብ መቓብር ኣውፂእኻ ክትጣበቐሎም እትፍትን ዘሎኻ ፓርቲታት ማንም ኣይከልከሎምን። ከይሳተፉ ዝገበሮም ኢጎኦም እምበር ህወሓት ኣይኮነን። ዝተኣሰሩ ኣመራራሓታት ድማ ዝውሃቦም ፍርዲ ክሳብ እንሰምዕ እንብሎ ኣይክህሉን። ቀይሕ፣ ፃዕዳ፣ ቆፅለዋይ ራዕዲ እንትብሃል ኣይሰማሕኻንዶ ትኸውን? TAND? ክተወዳደሩ ትሓስቡ ኣሎኹም? ህዝቢ ትግራይ ናታትኩም ጥልመት ኣይርስዖን እዩ። ኣይትባህርሩ።

ኣብ ህዝባዊ ዝበሃል ጋዜጣ ካብ ዝተፅሓፈ ብዛዕባ ዘይዴሞክራሲያዊነት ህወሓት ዝጠቐስካዮ "የኣይጥ ምስክር ድንቢጥ" ዝብሉዎ ዝዓይነቱ እዩ። ወነንቲ ህዝባዊ ጋዜጣ በዕፅምቲ ስውኣት እንትበሃሉ ዓፅፅምቲ ኣሻሓት ኣሓቶምን ኣሕዋቶምን ረጊፆም፣ ንህዝቢ ትግራይ ንበላዒ ገዲፎም እንትሃድሙ እቲ ተጋንኖ ዘሎኺ ፀገም እንተነይሩዎም ነቲ ደቂ ዝኸፈለ በዓል ዋና ህዝቢ ትግራይ ይቕረታ ክሓቱን፣ እዚን እዚን ጥፍኣት ነይሩና ክብሉን ነይሩዎም። ኣይበሉን። ናይ ህወሓት ምግማዕ ኣብ ክልተ ከምዝተርተረ ጎቦን፣ ክሳነዩ ድማ ከምዘይኽእሉን እንትገልፁ እንተተስምዑውን ኣብቲ ህዝባዊ ዝበሃል ጋዜጠኦም ኣፈላላዮም እንታይ ከምዝነበረ

*ኣይነገሩናን። ክሳብ ሐዚ። ኣፋላላዮም ናይ ስልጣን ምምንጣል እምበር ካልእ ነይሩ ኣይብልን። እዚ ኣብ ሓሶት ዝተመርኮሰ መበገሲ ህወሓት ዴሞክራሲያዊ መረፃ ክግበር ኣይፈቅድን ናብዝብል መደምደሚ ይወስድ? ኣታ ክንደይ ትደፍር? እቲ ዝተገብረ መረፃ ብሕጊ ዶ ተኻይዱ? እቲ ቦርድ መረፃ ዝሕጊ ዝተጣየሸ ድዩ ኣይኮነን? ሕጊ መረፃ ምምሕያሽን ሓዱሽ ቦርድ መረፃ ምጥያሽን እቲ ዝስርሐሉ ዘሎ ሕጊ መሰረት ጌሩ እንድዩ ዝቕየር? ኣብዚ ጉዳይ እዚ መውፅእ ሕጊ፣ መመሓየሺ ሕጊ እቲ ብህዝቢ ተመሪፁ ኣብ ፓርላማ ዝርከብ እዩ። ቅድሚ 10 ዓመት መውፀኢ ሕጊ መረፃን ዘጣየሾ በርድን ዝቕይሮ ባዕሉ እነተ'ኹይኑን፣ ምቕያር ኣየድልን ኢሉ እንተኣሚኑ ኣብዚ ምዕግርጋር ፋይዳ ኣይነበሮን። ብዝንተ ሞገት ወይ ምሁር ስለዝበለ ዝቕየር ኣይኮነን ህዝቢ እንተሓቲቱ ወይ ድማ ብህዝቢ ዝተመረፁ ወከልቲ እንተኣሚኖምሉ እዩ ዝመሓየሽ። ስለዘይተመሓየሸ መረፃ ተኣማንነት የብሉን ኣየብለናን። ኣባላት ቦርድ መረፃ ብኣይተ ለመስ ስለዝተሰየሙ፣ ኣቦ መንበር ቦርድ መረፃ ዳይና ላዕለዋይ ቤትፍዲ ምኳኖም መረፃ ፍትሓዊ ኣይኾነን ኣየብለናን።*

*ምስታፍን ዘይምስታፍን ተዓዘብቲ እውን ተኣማናይነት እቲ መረፃ ከምዘስእኖ ክትሙግት ፈቲንካ። ቀዳማይ ነገር እቲ ቀንዲ ተዓዛባይ ሚድያ እዩ። ዝተኸልከለ ሚድያ የለን። ናይ ውሽጢ ዓዲ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብ መመሓደሪ ደንቦም መረፃ ከምዝዕዘቡ ኣመልኪቶም እንተነይሮም ዝኸልከሎም የለን። ናይ ሃይማኖት፣ ናይ ኣዶታት፣ ናይ መናእሰይን፣ ሸቃሎን ማሕበራት ተዓዚቦም እዮም። ናይ ወፃኢ ተዓዘብቲ እውን ኢ.ህወዴግ እንተይፈተወ ዝፈቐደሎም እንተይኮነስ ባዐሉ ፈትዩ ዝዓደሞም እዮም። ሕብረት ኣፍሪቃ፣ ዓረብ ሊግ፣ ካርተር ሰንተር፣ ሕብረት ኣውሮጳን ኣብ እዋን እቲ መረፃን ፅብሑን እቲ መረፃ ብሓፈሻ እንትርአ ንኣፍሪቃ መርኣያ ከምዝኾነ እዮም ዝሓበሩ። ሃገራት ኣውሮጳ ብተናፀል ይኹን በኢዩ ደረጃ ትኸክለኛ ሓበሬታ ዝለዝረኸቡ ኣብ ዕጥራን ኣና ጎሚስ ተደሪኾም ኣብ ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን መትከላዊ ለውጢ ከምዘይገብሩ ግልፂ ገይሮም እዮም።*

*ቅድም ክብል ሃገርና ብወፃእተኛታት ብዝዝወር መለስ ትምራሕ ኣላ ኢልካ ትቑዝም ኔርካ። ኣብዚ ድማ ናይ ደገ ተዓዘብቲ ዘይኣተዉ ኢልካ ትማጕት ኣሎኻ። ሓዲኡ ሓዝ። ብወገነይ ኣብ ዝሓለፈ መረፃ ንኢ.ህወዴግ ዝወቕሶ ናይ ደገ ተዓዘብቲ ምዕዳሙ እዩ። ኣብ መረፃ ዝኣክል ሃገራዊ ጉዳይ ናይ ደገ ተዓዘብቲ ምዕዳም ግቡእ ኣይኮነን በሃላይ እየ። ሓደ መንግስቲ ዝሰርሖ ህዝቡ እንተፈሊጥሉ ንጎረቤት ፍለጡላተይ ምባል ኣድላዪ ኣይኮነን። ብዛዕባ መረፃና ሓበሬታ ዝደሊ ካብ ሚድያ ክረኽቦ ምግባር እዩ ዝግባእ።*

*መረፃ* 97 *ብስለት ተቓወምቲ ከምዝተንፀባረቐ ክትምስክር ፈቲንካ። ብስለቶም ኣበይ ከምዝኾነ ክተርአየና ኣይከኣልካን። ሽዑ ብስለት እንተኣርእዮም ንምንታይ ዳኣ እዮም ክሳባ ዛሎማዓልቲ ብፍሪፎል እንጦርጦስ ዝወርዱ ዘለዉ። ኣንፃር ኢ.ህወዴግ ሽማዊ ግንባር ምፍጣሮም ዝፍለጥ እዩ። ካብዚ ወፃእ ዘይገበሩዎ ጌሮም ኣይትበለና። ምኽንያቱ ንመረፃ ግንባር ምፍጣር ማለት ናታቶም ሓድነት ወይ ድማ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፖለቲካዊ ኣፋላላይ ዝቀራረብ እዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሕጊ ግብዛት “የጠላቴ ጠላት ወዳጄ ነው” ተመስሪትካ ግንባር ምፍጣር ኣበይ ካምዘብፅሕ ውፅኢቱ ትርእዮ ኣሎኻ። ኣመራርሓ ሕብረት ንደገፍቶም “ንዓና ምረፁ፣ ኣባና እምነት እንተስኢንኩም ግና ፈፂምኩም ንቕንጅት ከይትመርፁ፥ ኢ.ህወዴግ ይሐሸኩም” እናበሉ ይቕስቅሱ ከምዝነበሩ'ኸ ወረዶለካ?*

*ቅንጅት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምሉእ ብምሉእ ስለዝሰዓረ ኣብ ኢትዮጵያ እውን ስዒሩ ከምዘየብልን በቱ ዘሎ ታሪኻዊን ወዳዓዊን ሓቂ እውን ህዝቢ ኢትዮጵያ ንውድባት ትምክሕቲ ከምዘይመርፅን ዝጠፍኣካ ኣይኮነን።*

ንተትካ ከጭበርብሩ እንትደልዩ "ህዝቢ ክምዚ በለና"፥ "ህዝቢ ፈተወና"፥ "ህዝቢ ደገፈና"፥ "ህዝቢ ሓንገረና" ይብሉ። ኣይናይ ህዝቢ እንትትብሎም ግና መልሲ ኣይብሎምን።

ወያነ/ኢህወዴግ ውፅኢት መረፃ ዕላዊ እንተይኮነ ተዓዊተ ስለዝበለ ነቲ ውፅኢት ተዓዊቲ ብዝገብሮ መልክዕ ኣማዓራሪይዎ ኢልካና። ተነሓናሕቲ ውድባት ውፅኢት መረፃ ዕላዊ ተይኮነ ኣበይ ከምዝሰዓሩ፣ ኣበይ ከምዝተስዓሩ ክፈልጥሉ ዝኽእልሉ ኣገባባት ነይሩዎም። ኣብ ሕድሕድ ጣብያ መረፃ ወከልቲ ስለዘለዉዎም እቶም ወከልቲ ድማ ናይቲ ጣብያ መረፃ ውፅኢት ፀብፃብ ናብ ናይ መረፃ ክልል ስለዝልእኹ፣ ናይ ጣብያታት ድምር ድማ ዝሰዓሩሉን ዝተስዓሩሉን ክልላት ሽዑ ምሸት ክፈልጡሉ ዝኽእሉሉ ባይታ ነይሩ። ኢህወዴግ ውፅኢት መረፃ ዕላዊ ቅድሚ ምኳኑ ተዓዊተ ዝለዝበለ ነቲ ውፅኢ ኣመዓራርዩ እትብል ዘሎኻ ንስኻ እምበር ተቓወምቲ ውድባት ቆፀራ ተቐይሩ ኣይበሉን። መብዛሕቲኦም ለበዋ ዘ'ቕረቡለን ጣብያታት መረፃ ቆፀራ ተጭበርቢሩ እንተይኮነስ ኣብቲ ከይዲ መረፃ ፀገም ነይሩ ዝብል እዩ። እቶም ለበዋታቶም ከመይ ከምዝተፈተሑ ድማ ትሕት ኢለ ክሕብረልካ እየ። እዚ ስለዝኾነ እውን ብዘይካ ንተትካ ሓይሊታት ትምክሕቲ ኣብቲ ውድድር ዝተሳተፉ ካልኦት ውድባት ኣብ ፓርላማ ኣትዮም ግቦኦም ይፍፅሙ ዘለዉ።

ሓብዚ መዳርግቲ ዘይብሉ ሓሶትካ ሓሓንሳእ ብ% ክተመልክት ትፍትኖ ዘሎኻን ብሓንቲ መላፀ 100 እሱራት ተላፊዮም ዝዓይነቱ ቦሎኽሎኽ ንርእ። ብፍላጥ ንዝሕሱ ሰብ ከተርድእ ምፍታን ዋላኳ መድከሚ እንተኾነ ሓሶት ክትዛረብ ዘይተሃከኻ ሓሶትካ ከቃልዕ ኣይህከን። ተናሓናሕቲ ምርጫ ተጭበርቢሩ እዩ ኢሎም እንትጠርዑ ሓሶትን ፈጠራን ኩሉሳብ መጥመሪ ስለዘይህልዎ መጥመሪ ዘለዎ ጥርዓን ኣየቕረቡን። ንኣብነት ናይ ሓደ ኮንስቲቱዌንሲ ውፅኢት መረፃ ዝልወጥ ወይድማ ዝድገም ኣብ ዝተወሰኑ ጣብያታት መረፃ ፀገም እንትህሉ ገይሮም እዮም ሓሲቦም። በዚ መሰረት ውፅኢት መረፃ ሓደ ኮንስቲቱንሲ ብምኽንያት ፀገም ውሱናት ጣብያታት መረፃ ዝቕየር ስለዝመሰሎም ካብ መብሓቲኦን ኮንስቲቱንሲታት ክልተ ሰላስተ ጣብያት ብግምት ብምሕራይ (ካብ ዝስዓሩለን እንተይተረፈ) ለበዋ ኣቕሪቦም። ኣብ ክልተ ሰለስተ ጣብያታት ጥራሕ ፀገም ኣሎና እንትብሉ ኣብ መብዛሕትኡ ፀገም ዘይብሎም ምኻኖም የረጋግፁ ከምዘለዉ ከምትርዳእ ኣኣምን።

በዚ መሰረት ጥርዓናት ምምርማር እንትጅመር ፈለማ ኩሎም ውድባት ቅቡል ዝገበሩዎም ውፅኢት ጣብያታት ሕድሕድ ኮንስቲቱዌንሲ ተደሚሩ። ኣብተን ጥርዓን ዝቐረበለን ጣብያታት ዘሎ መራፂ ድምፁ ኹሉ ናብቲ ጥርዓን ዘ'ቕረበ ውድብ ተደሚሩ ለውጢ ዘየምፅእ እንተኾይኑ ምዕራፉ ውፅኢት ዘይቕይር ስለዝኾውን ውድቂ ይግበር። መብዛሕቲኦም (90% ዲኻ ዝበልካዮም) ጥርዓናት ተናሓናሕቲ ውድባት በዚ መሰረት ውድቂ ኾይኖም። ኢህወዴግ ድማ ኣብተን ናይማን ፀገም ዘለወን ለውጢ ከምፀኣለይ እየን ኢሉ ዘኣመነለን ኮንስቲቱዌንሲታት ጥራሕ ጥርዓን ኣቕሪቡ። ተርኢየናሉ ድማ። እዚ እዩ ድማ ናብ ቤት ፍርዲ ከይኸዱ ዝገበሮም። ንስኻ ከምእትብሎ ቤት ፍርዲ ዘይሻራዊ ስልዘይኮነን ዳይና ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብመለስ ዝተሰየሙ ስለዝኾኑ ንኢህወዴግ ስለዝውግኑ ኣይኮነን። ኣባላት ቦርድ መረፃ ይኹኑ ዳይና ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝልዓለ ሙያዊን ሞራላዊን ብቕዓት ዘለዎምን ሃገራዊን ህዝባዊን ሓላፍነት ዝስምዖም እምበር ኣብቲን ኣብቲን ዘንቛልጡ ዕሱባት ኣይኮኑን።

ኢህወዴግ ተሳዒሩ እናሃለወ ምስ ካልኦት ውድባት ስሙር ግንባር ፈጢሩ መንግስቲ ስግግር ክምስርት ዝቐረበሉ ኣይተቐበለን ኢልካና። ቀዳማይ ነገር ኢህወዴግ ኣበይ እዩ ተሳዒሩ? ካልኣይ ነገር ጠቓወምቲ ኣብዝሰዓሩሉ መረፃ ምስ ኢህወዴግ ናይ ስግግር መንግስቲ ንምምስራት እንተነይሩ ዕላመኦም ንምንታይ ቅድሚ መረፃ ዘየቕረቡዎ? ብቴሌቪዥን ፖለቲካዊ ቅስቀሳ እንትገብሩ ንኢህወዴግ ገቲትና ተኣምር ክንፈጥር ኢና

ኢሎም እንትምሕሉን እንትጥሕሉን እምበር እንተስዒርና ኢህወዴግ ዘሳተፈ መንግስቲ ስግግር ክነጣይሽ ኢና ኣይበሉን። እዚ ድማ ሕገ መንግስታዊ ኣይኮነን። መድሐርሐርቲ ክትኣትዉላ ትደልዩዋ ነኻል ድያ ነይራ?

ሓደስቲ ሕጊታት ምትእታዎም ወንጀል ተገይሮም ዝውሰድሉ ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን? ወንጀለኛታት መሻሉኽ ክስእኑ ምግባር ናይ ሓደ ፓርላማ ሓላፍነት እምበር ወንጀል ኣይኮነን። ሓደ ፓርላማ መፈለምታን መወዳእታን ዘለዎ ናይ ስልጣን ዘበን ኣለዎ። ኣብቲ ውሽጢ ዘበን ስልጣኑ (ሓንቲ ደቐቕ ክሳብ እትተርፉ) ናይ ህዝብን ሃገርን ጥቕሚታትን ዘረጋግፁ፣ ናይቲ መራሒ ወድብ ረብሓታት ዝዕቅቡን ኣዋጃት ክእውጅ ሕገመንግስታዊ መሰሉን ግቡኡን እዩ። ኮንግረስ ኣመሪካ ክብተን ሰሙናት እንትተርፎ ዓበይቲ ኣዋጃት እንትሕልፍ ተራእዩን ተሰሚዑን ድዩ ዘይፈልጥ ኮይኑ? እዚ ኣሰራርሓ እዚ ኣብ ኢህወዴግ በዒሑ ናብ ሕቶ ዝኣቱ ንምንታይ እዩ? ምናልባት “እኖኻ እትንዕቐካ ክትውለድ ሪኣትካ” ከምዝብሃል ህወሓት/ኢህወዴግ እንተይገበለ ስለትፈልጡዋቶ’ዶ ይኸውን?

ኣብ ዝተፈላላዩ ከባቢታት ኢትዮጵያ (ኣበይን ኣበይን?) ብኣሻሓት ዝቑፀሩ ተቓወምቲ ሰልፊታት ከምዝተኻየዱ ነጊርካና። ኣብ መንጎ ኣሻሓት ተቓወምቲን ሚልዮናት ደገፍቲን ዘሎ ኣፈላላይ ዝጠፍኦ ሰብ ኣሎ ኣይብልን። ሰላማዊ ሰልፊ ምኽልካል ምስ ውዕኢት መረፃ እንታይ ከምዘራኽቦ ኣይርደአናን። መረፃ ዘተገበረ ግንቦት 7። ሰላማዊ ሰልፊ ብሕጊ ዝተኸልከል ካብ ግንቦት 8 ጀሚሩ። ኦሪታዊ ተኣምር ተፈጢሩ ድዩ ድምፂ ብሰላማዊ ሰልፊ ክቕየር? ዶስ ዓዲ ናብ ሕምስምስ ክትኣቱሞ ኢህወዴግ ንምፅላም ከበሮ ሓምሓም ክውቃዕ ስለዝተደልየ እዩ። እቶም ዝተኣሰሩ ጎተትካን እትመፃደቐሎም ዘሎኻን “ሰማይ ተቐዲዱስ ክንሰፊ ውዒልና” ዝዓይነቱ ሃጠውቀጠው ዝዛረቡ ወዲኒታት ሓበሬታ ድማ ዝተኸሰሱሉ ወንጀል ፍርዲ ክሳብ ዝውሃቦም ተፀበ። እቶም ልዕል ኢለ ዝዘርዘርኩዎም ቅስቀሳታት ኣየኸስሱን እንተኢልካኒ ኣይክግረምን።

ኢህወዴግ ህላወ ቅንጅት ነፂጉ ኢልካና። ንቅንጅት ዝፈጠሩ ውድባት ቅንጅት ንምታይ ከምዝተፈጠረ፣ ክሳብ መዓዝ ከምዝፀንሕን ባዕልቶም ነጊሮምና እዮም። ካብ ቅንጅት ናብ ውህደት ምስግጋር ኣብዩዎም ተለዊሶም እንትተርፉ እውን ተዓዚብና ኢና። ኣባላት ቅንጅት ኢህወዴግ ህላወና ነፂጉ እንተይበሉ፣ ውህደት ከይንፈጥር ኢህወዴግ ከልኪሉና እንተይበሉ ኣይተ ካሕሳይ በርህ ኢህወዴግ ህላወ ቅንጅት ነፂጉ ትብለና ኣሎኻ።

ኣይተ ካሕሳይ፥ ብሰንኪ ኢህወዴግ ኣብ ኢትዮጵያ በዒሑ እትብሎ ዘለኻ ኣበሳ፣ ደገፍቲ ደጃት ተፈሪ ቅድሚ 100 ዓመት ብሰንኪ ልጅ እያሱ ኣብ ኢትዮጵያ በዒሑ ምስዝበሉዎ ኣበሳ ዘለዎ ተመሳሳልነት ዝገርም እዩ። ፖሊሲታት መለስ ዜናዊን ስለዝተነፅጉ ህወሓት ህዝቢ ኣምሓራ ናብ ምፅላም ተመሊሱ ኢልካና። ስዕረትን ውድቀት ህወሓት ዘለኣለማዊ ሕልሚኻ ከይኑ ይተርፍ። ኣይትህረፎ። ህወሓት/ኢህወዴግ ሓይሊታት ትምክሕቲ ናይ ኢትዮጵያ ሓደጋታት እዮም ኢሉ እንትቕስቅስ ገለገለ ውለቀሰባትን ከምኡውን በሄራትን በሄረሰባትን ዕድመ ንምንዋሕ ዝግበር ቅስቀሳ ይመስሎም ነይሩ። ሕዚ ግና ባዕልቶም ሓይልታት ትምክሕቲ ሓደጋታት ምኻኖም ኣመስኪሮም። ኣብ ሓደገኝነት ሓይሊታት ትምክሕቲ ጥርጥር ዝነበሮም ወገናት እውን “እህም በለ ጣፍ ዝሃንከተ” ኢሎም። ታይ ቅስቀሳ የድሊ ሕዚ ድኣ?

መዘከርታ፤

ኣይተ ካሕሳይ። ኣብ ናዝሬት ዶት ኮም ዝቐረቡ ፅሑፋት ንሪኢቶ ክፉታት እንትኾኑ ፀበብቲን ምኩሓትን ንህዝቢ ትግራይ ዘፀልሙሉ መድረኽ እዩ። ኣንበብቲ እቲ ድረ ገፅ ድማ ኣብ መብዛሕቲኦም ፅሑፋት ተሞርኪሶም ንህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ይፀርፉ፣ ይረግሙ፣ ይማፃብዑን። ናትካ ፅሑፍ እውን ንረኢቶ ክፉት ነይሩ። ግናኸ ፈንፈኖምዎ።